# ውፈር፡ ነቐልካ ትኽል!!

ውፈር፡ንቐል ትኽል መሳርዕካ ኣዳሉ፡
ተልም ዝራእ ፍረ ክትረኽበሉ፡
ናዓ ሃባ በሎ፡ ሽኾናኡ ሓሉ፡

ንቐል ትኽል ብልፍንቲ ጹምዶ፡
ድምጽኻ ኣስማዓዮ ካብ ማዕዶ
ንማዕዶ፡
ተስፋ ቶም ዉጹዓ ሑዞንካ ኣብዶ፡

ጽናዕ ከይትምናዕ ጨብጦ ዕርፋኺ
ኣርክቦ ሰዓቦ ጠምት ንቕድሜኺ፡
እተላም ዝሕፈስ ዱኺ ምስ ዋላኺ፡
ከበሳ መታሕት ርስቲ ዓደቦኺ፡
ተላዓል ተዓጠቕ እንታ ሓልክስክሱ፡
ኣይትሓናጥጦ ኣብስሎ፡ማሕረሱ፡
በጻሕኩ መጻእኩ እንታ ምልስልሱ፡
ወንን ሕልናኺ ንሑቶኺ መልሱ፡

ያዕ በሎ ሱሩ ሰራውሩ፡
ስበት ማሕረሻኧ ዕምቆት ግበረሉ፡
ተመዲድካ ርገጽ ግልሃዮ ዱንኩሉ፡
ጎልጓሉ ግዕዘዩ ኢድካ ኣንብረሉ፡

እንካ ሃባ በሎ ሕድሕድ ተቃባበል፡
ምልኣታ ናጽነት ሓርነት ክትጽንበል፡
ፍሳሃው፡ሰላም ኣብቲ ጎልጎል
ሰንበል፡

ተላዓል ንላዓል ንመስል ፍትሒ፡
መጻኢኧ፡ኣስተብህል ብላሽ መጻንሒ፡
ፍለጦ መምዮ፡ናይ እከያት ሽርሒ፡

ተላዓል ተዓጠቕ ሕፍረት በል
መንእሰይ፡
ትብለካላ!ነብሰጾር ቀሪቡሎ!
ሕርሰይ፡
ካብ ቁሉውላው ጻዕረሞት፡ኣድሕና
ንነብሰይ፡